Department
of Health

# ብዛዕባ ኤፍ ጂ ኤም ተወሳኺ ሓበሬታ

ምኽንሻብ ፍረነብሲ ደቂ ኣንስትዮ (ኤፍ ጂ ኤም) ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣካል ፍረነብሲ ዝጉድኣሉ ወይ መልክዑ ዝቕይር ተግባር እዩ፣ ኮይኑ'ግን እዚ ዝግበረሉ ሕክምናዊ ምኽንያት የብሉን። ናይ ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮን ንኣሽቱ ኣዋልድን ናይ ነዊሕ ግዜ ጥዕና ኣዝዩ ክጎድእ ይኽእል እዩ። ብሰንኪ ናይቲ ተግባር ቀጥታዊ ውጽኢት ዝፈስስ ደም ወይ ርኽሰት ገለ ዝሞታ ኣዋልድ ኣለዋ እየን። ከምኡ'ውን ኤፍ ጂ ኤም ዘጋጠመን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ወሊድ ጸገም ንኺጋጥመን ዝኽእለሉ ዕድል ዝለዓለ እዩ።

ኤፍ ጂ ኤም መብዛሕቱ ግዜ ዝትግበሮ ኣብ መንጎ 5ን 10ን ዕድመ ኣብ ዝርከባ ኣዋልድ እዩ። እዚ፣ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፣ ምቑራጽ ወይ ብኻልኦት ከምብዓል ሱና፣ ጉድኒን፣ ሃላላይስ፣ ታሁር፣ መግረዝ ከምኡ'ውን ኪታን ዝኣመስሉን ብኻልኦትን ኣስማት ይጽዋዕ እዩ።

## ዓይነታት ኤፍ ጂ ኤም፡

ዓይነት 1 – ክሊቶሪስ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ምእላይ።

ዓይነት 2 – ክሊቶሪስን ንኡስ ላቢያን (ንፍረነብሲ ዝኸቡ "ከናፍር") ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ምእላይ።

ዓይነት 3 – ክሊቶሪስ ብዘካትት ናይ ጓል ኣንስተይቲ ፍረነብሲ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ምእላይ። ጫፍ ጫፉ ኣላጊብካ ብምስፋይ ንእሽቶ ቀዳድ ምግዳፍ።

ዓይነት 4 – ፍረነብሲ ጓል ኣንስተይቲ ምቑራጽ፣ ምንዳድ፣ ቀሊጥካ ምሕካኽ፣ ብበሊሕ ነገር ምውጋእ፣ ምምጣጥ ዘካትቱ ካልኦት ኩሎም ዓይነታት መጉዳእቲ።

## ስለምታይ እዩ ኤፍ ጂ ኤም ዝፍጸም?

መብዛሕቱ ግዜ ናይ ሓንቲ ጓል ወለዲ ወይ ኣዝማድ ኤፍ ጂ ኤም ኣብ ልዕሊኣ ንኽፍጸም የዳልዉ። ዝፍጸመሉ ምኽንያታት ንዝስዕቡ የካትቱ፡

- ልምዲ
- ሃይማኖት
- ምዕቃብ ባህሊ
- ምዕቃብ ድንግልና
- ጽርየት
- ክብሪ ቤተሰብ ንምሕላው
- ማሕበራዊ ተቐባልነት፣ ብፍላይ መርዓ ብዝምልከት

እዞም ኤፍ ጂ ኤም ዝፍጸመሎም ምኽንያታት ብሰንኪ ዘይምርዳእ ወይ ስእነት ኣፍልጦ ዝተመስረቱ እዮም።

ገለ ሰባት ኤፍ ጂ ኤም ንሃይማኖትና የድልይ እዩ ኢሎም ይኣምኑ፣ ንኣብነት ዓይነት 1 ኤፍ ጂ ኤም ሓድሓደ ግዜ ብጌጋ ሱና ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ።. ኮይኑ'ግን ዝኾኑ ኤፍ ጂ ኤም ዝድግፉ ወይ ክፍጸም ኣለዎ ዝብሉ ጽሑፋት **የለዉን**።

## ኤፍ ጂ ኤም ዘይሕጋዊ እዩ

ኤፍ ጂ ኤም ዘይሕጋዊ እዩ፣ ስለዝኾነ ከኣ ኣብዚ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገር **ብፍጹም** ክፍጸም የብሉን። ከምኡ'ውን ሓደ ሰብ ኤፍ ጂ ኤም ንኽፍጽም ብዝኾነ መንገዲ ምሕጋዝ ዘይሕጋዊ እዩ። ዝኾነ ነዚ ገበን ፈጺሙ ዝተረኸበ ሰብ ክሳብ ናይ 14 ዓመት ማእሰርቲ፣ መቕጻዕቲ (ናይ ገንዘብ ክፍሊት መቕጻዕቲ) ክወሃቦ ይኽእል እዩ።

## ኤፍ ጂ ኤም ንጥዕናኽን ከቢድ መጉዳእቲ የብጽሕ እዩ

ኤፍ ጂ ኤም ንናይ ንኣሽቱ ኣዋልድን ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮን ጥዕና ከቢድ መጉዳእቲ ዘብጽሕ ክኸውን ከሎ፣ ነዞም ዝስዕቡ የካትት፡

- ዘየቋርጽ ቃንዛ
- ናብ ምምካን ከምርሕ ዝኽእል ብተዳጋጋሚ ዝመጹ ርኽሰታት
- ደም ምፍሳስ፣ ሕበጥን ጥረታትን
- ሽንቲ ማይ ናይ ምሻን ወይ ናይ ምሓዝ ጸገም
- ጭንቀት፣ ሕማቕ ተሞክሮ ምዝካር፣ ነብስኻ ምጉዳእ
- ናብ ሞት ከብጽሑ ዝኽእሉ ናይ ሕርሲ/ወሊድ ጸገማት

## እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክትረኽባ ትኽእላ?

ኤፍ ጂ ኤም ዘጋጠመክን እንተኾይንክን፣ ካብ ሓኪምክን ወይ ዝኾነ ናይ ክንክን ጥዕና በዓል ሙያ ሓገዝ ሕክምናን ደገፍን ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን። ነፍሰጾር እንተኾይንክን ካብ መሕረሲትክን ሓገዝ ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን።

ከምኡ'ውን ናይ ኤፍ ጂ ኤም ፍሉያት ማእከል ጥዕናታትን ኣገልግሎታትን ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን www.nhs.uk/fgm

**ኤፍ ጂ ኤም ከጋጥማ ዝኽእላ ዝኾነት ስግኣት ዘለዋ ጓል ብዝምልከት ዘተሓሳስበኩም ነገር እንተሎ፣ ንዝሕክመኩም በዓል ሙያ ሓብሩ፣ ወይ ናብ ናይ ኤን ኤስ ፒ ሲ ሲ (NSPCC) ናይ ሓገዝ መስመር ንመዓልቲ ን24 ሰዓታት ናብ 0800 028 3550 ደውሉ።**

**ኣብ ልዕሊ ጓልኩም ኤፍ ጂ ኤም ንኽትፍጽሙ ቤተሰብ ወይ ማሕበረሰብ ጸቕጢ ክገብሩልና እዮም ብዝብል ዘተሓሳስበኩም ነገር እንተሎ፣ ካብ ሓኪምኩም፣ ካብ ብምኽንያት ጥዕና ክበጽሓኩም ዝመጽእ ሰራሕተኛ ወይ ካብ ዝኾነ ናይ ክንክን ጥዕና በዓል ሙያ ሓገዝ ሕተቱ ኢኹም።**

## ናይ ጥዕና ፓስፖርት

ናይ ‘ምኽንሻብ ፍረነብሲ ደቂ ኣንስትዮ ዝቃወም ናይ ጽሑፍ ቃል’ ቅዳሕ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኣብ ጁባ ዝኣትው ናይ ጽሑፍ ቃል ክኸውን ከሎ፣ ናብ ወጻኢ ሃገር ክትከዱ ከለኹም ሒዝኩሞ ክትከዱ ትኽእሉ ብ11 ቋንቋታት ተጻሒፉ ዝርከብ እዩ። ንቤተሰብኩም ከተርእዩዎም ትኽእሉ ኢኹም። ተግባር ኤፍ ጂ ኤም፣ ኣብ ዩከይ፣ ከቢድ ገበን ምፍጻም ማለት ምኳኑ ግልጺ ዝገብር እዩ።

## ኤፍ ጂ ኤም ካብ ዘጋጠመን ሕሙማት ሓበሬታ ምእካብን ኣብ ጥቕሚ ምውዓልን

ብዛዕባ ኤፍ ጂ ኤም ዝኾነ ሓበሬታ፣ ብማእከል ሓበሬታ ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክንን ኤች ኤስ ሲ ኣይ ሲ (HSCIC) ይእከብ ኣሎ። እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ንእከብ ከምዘለና፣ ስለምንታይ ምኳኑ፣ ብኸመይ መንገዲ ከምንጥቀመሉ ወይ ሓበሬታኹም ብኸምዚ መንገዲ ኣብ ጥቕሚ ንኸይውዕል ንምቅዋም ብዝምልከት ተወሳኺ ንምፍላጥ፣ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትኩም ናብ ዝስዕብ እተዉ
www.hscic.gov.uk/patientconf

**ብዛዕባ ኤፍ ጂ ኤም ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ናብ ዝስዕብ እተዉ**
**www.nhs.uk/fgm**

© Crown copyright 2015
2903740 04/2015
ብውልያምስ ሊ ንኽፋል ጥዕና ዝተዳለወ
www.dh.gov.uk/publications